# ካብ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን ዝተላእከ ዜና

ዝሓለፈ ቀዳም ዕለት 25 ሚያዝያ 2009 ዓምፈ፣ ድሮ በዓል ዳግማይ ትንሣኤ ሽድሽተ ተመሃርቲ ዘርአ ክህነት ናይ ኤጳርቅና ከረን ብኢድ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ መዓርገ ዲቁና ተቐቢሎም።

ዝርዝር ኣስማቶምን ሓጺር ሓበሬታ ድሕረ ባይታኦምን እዚ ዚስዕብ ኢዩ።

| | |
|---|---|
|  | ዲያቆን ፍሥሓ ካብ ተኪኤ ናይብን ሕይወት ፍረን ኣብ ሃገርሽንኹ ብዕለት 7 ግንቦት 1975 ዓምግ ተወሊዱ፣ ብዕለት 5 ሓምለ 1975 ዓምግ ኣብ ደሮቓ ተጠሚቁ፣ ብዕለት 29 ሕዳር 1990 ዓምግ ኣብ ደሮቓ ሜሮን ተቀቢሉ፣ ብዕለት 14 መጋቢት 1982 ዓምግ ከአ መጀመርያ ቁርባን ገይሩ።<br>ናይ መባእታ ትምህርቱ ካብ 1991 ክሳብ 1995 ዓምፈ ኣብ ሓሊብመንተል፣ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1996 ክሳብ 1998 ዓምፈ ኣብ መጋርሕ፣ ናይ ካልአይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1998 ክሳብ 2002 ዓምፈ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ዮሴፍ ከረን፣ ፍልስፍናን ንባበ መለኮትን ካብ 2003 ክሳብ 2009 ዓምፈ ኣብ ተቀዋመ ፍልስፍናን ንባበ መልኮትን ደብረ መድኃኔ ዓለም ኣሥመራ ፈጺሙ። ካብ 2003 ክሳብ 2008 ዓምፈ ክረምታዊ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ኣብ መጋርሕ ትትሪ ወስበንስረኹ አወንጀሊ በጉ ፋርአለባን ደሮቀኁን ፈጺሙ። |
|  | ዲያቆን ገብረሚካኤል ካብ ተኽለሃይማኖት ተስፋማርያምን ተኽአ ዮውሓንስን ኣብ ሽናራ ብዕለት 11 ኅዳር 1973 ዓምግ ተወሊዱ፣ ብዕለት 10 ታሕሣሥ 1973 ዓምግ ኣብ ሽናራ ተጠሚቁ፣<br>ናይ መባእታ ትምህርቱ ካብ 1991 ክሳብ 1996 ዓምፈ ኣብ ሽናራ፣ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1997 ክሳብ 1998 ዓምፈ ኣብ ንኡስ ዘርአ ክህነት ከረን፣ ናይ ካልአይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1999 ክሳብ 2003 ዓምፈ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ዮሴፍ ከረን፣ ፍልስፍናን ንባበ መለኮትን ካብ 2003 ክሳብ 2009 ዓምፈ ኣብ ተቀዋመ ፍልስፍናን ንባበ መልኮትን ደብረ መድኃኔ ዓለም ኣሥመራ ፈጺሙ። ካብ 2003 ክሳብ 2008 ዓምፈ ክረምታዊ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ኣብ እንጪናቅ ዓዲ ገርጊሽ ሽናራን ለበዳን ሙሻ ሃገር ቅዳኹን ሽናራን ፈጺሙ። |
|  | ዲያቆን ግርማይ ካብ ዘርአይ ዳይንን በደላ ነዋርን ኣብ ሓመደይ አጭራሕ ብዕለት 4 ጥቅምቲ 1978 ዓምግ ተወሊዱ፣ ብዕለት 19 ሕዳር 1978 ዓምግ ኣብ ሽዕብ ሰለባ ተጠሚቁ፣ ብዕለት 22 ታሕሣሥ 1991 ዓምግ ኣብ ሽዕብ ሰለባ  ሜሮን ተቀቢሉ፣<br>ናይ መባእታ ትምህርቱ ካብ 1989 ክሳብ 1993 ዓምፈ ኣብ ሽዕብ ሰለባ፣ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1994 ክሳብ 1996 ዓምፈ ኣብ መጋርሕ፣ ናይ ካልአይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1996 ክሳብ 2000 ዓምፈ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ዮሴፍ ከረን፣ ፍልስፍናን ንባበ መለኮትን ካብ 2001 ክሳብ 2009 ዓምፈ ኣብ ተቀዋመ ፍልስፍናን ንባበ መልኮትን ደብረ መድኃኔ ዓለም ኣሥመራ ፈጺሙ። ካብ 2004 ክሳብ 2009 ዓምፈ ክረምታዊ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ኣብ ሸቅሎቲ ሓጋዝ ፋፍዳ ደሮቓ ጭንድቅን ሓመደይን ፈጺሙ። |
|  | ዲያቆን ጐይቶኦም ካብ ሳሙኤል ረጥን ወለተኢየሱስ ጊላንኬኤልን ኣብ ከረን ብ1981 ዓምፈ ተወሊዱ፣ ብዕለት 21 ሕዳር 1981 ዓምፈ ኣብ ደብረቅዱስ ሚካኤል ከረን ተጠሚቁ፣ ብዕለት 10 ጥቅምቲ 1992 ዓምፈ ኣብ ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ከረን ሜሮን ተቀቢሉ፣<br>ናይ መባእታ ትምህርቱ ካብ 1991 ክሳብ 1997 ዓምፈ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ዮሴፍ ከረን፣ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1997 ክሳብ 1999 ዓምፈ ኣብ ንኡስ ዘርአ ክህነት ከረን፣ ናይ ካልአይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1999 ክሳብ 2003 ዓምፈ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ዮሴፍ ከረን፣ ፍልስፍናን ንባበ መለኮትን ካብ 2003 ክሳብ 2009 ዓምፈ ኣብ ተቀዋመ ፍልስፍናን ንባበ መልኮትን ደብረ መድኃኔ ዓለም ኣሥመራ ፈጺሙ። ካብ 2003 ክሳብ 2008 ዓምፈ ክረምታዊ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ኣብ ሳንቃ ሓጋዝ በጉ ኣሸራን ከረንን ፈጺሙ። |
|  | ዲያቆን መንታይ ካብ ናይር መንግሥቱን አመተንሰኤን ኣብ ለበባይ ግላስ ብ2 ታህሣሥ 1970 ዓምግ ተወሊዱ፣ ብዕለት 12 ታሕሣሥ 1970 ዓምግ ኣብ ደብረ ልደታ ለማርያም ግላስ ተጠሚቁ፣ ብዕለት 1 የካቲት 1983 ዓምግ ኣብ ደብረ ልደታ ለማርያም መጀመርያ ቍርባን ተቀቢሉ ከምኡ እውን ሜሮን ተቀቢሉ፣፣<br>ናይ መባእታ ትምህርቱ ካብ 1990 ክሳብ 1995 ዓምፈ ኣብ ቤት ትምህርቲ ልደታ ለማርያም ግላስ፣ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1996 ክሳብ 1997 ዓምፈ ኣብ ንኡስ ዘርአ ክህነት ከረን፣ ናይ ካልአይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1998 ክሳብ 2003 ዓምፈ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ዮሴፍ ከረን፣ ፍልስፍናን ንባበ መለኮትን ካብ 2003 ክሳብ 2009 ዓምፈ ኣብ ተቀዋመ ፍልስፍናን ንባበ መልኮትን ደብረ መድኃኔ ዓለም ኣሥመራ ፈጺሙ። ካብ 2003 ክሳብ 2008 ዓምፈ ክረምታዊ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ኣብ ሓሊብመንተል ገሉ ጀንገረን አድኮም ድግን ግላስን ፈጺሙ። |
|  | ዲያቆን ዮሴፍ ካብ ዓንዱ ረዳእን ሃና ዑቍባጊዮርጊስን ኣብ ወስበንስረኹ ብ4 ታሕሣሥ 1976 ዓምፈ ተወሊዱ፣ ብዕለት 18 ታሕሣሥ 1976 ዓምፈ ኣብ ደብረ ቅዱስ ጊዮርጊስ ወስበንስረኹ<br>ናይ መባእታ ትምህርቱ ካብ 1988 ክሳብ 1995 ዓምፈ ኣብ ቑኒዕን ከረንን፣ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1995 ክሳብ 1996 ዓምፈ ናይ ካልአይ ደረጃ ትምህርቱ ካብ 1996 ክሳብ 2000 ዓምፈ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ዮሴፍ ከረን፣ ፍልስፍናን ንባበ መለኮትን ካብ 2001 ክሳብ 2009 ዓምፈ ኣብ ተቀዋመ ፍልስፍናን ንባበ መልኮትን ደብረ መድኃኔ ዓለም ኣሥመራ ፈጺሙ። ካብ 2001 ክሳብ 2008 ዓምፈ ክረምታዊ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ኣብ ሳንቃ ዓዲ ገርጊስ ሸሻሮማ ፋፍዳ ደርሙሽ ለበዳ በጉን ቍንዕን ፈጺሙ። |

ምስ እዚ ተታሓሒዙ ኣብ ዝመጸ ዜና እቶም ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ መንበረ ርእሰ አድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ብኢድ ብፁዕ አቡነ መንግሥተአብ ተስፋማርያም መዓርገ ዲቍና ዝተቀበሉ መማህርቶም እውን ኣብቲ ሥርዓት ብምሥታፍ መንፈስ ኣገልግሎትን ሓድነትን ዝዓሰሎ ዓቢ ሓጎስ ከምዝወዓለን ብሓባር ንእግዚኣብሔር ኣብዚ ጽንኩር ግዜ ንቤተ ክርስትያን ሃገርና ብብርክት ዝበለ ጸዋዕታ ክህነት ዝተዋህበ ጸጋ አመስጊኖም።